# ብርሃን

ምሳ6፡23



ብሃዋርያ
ሕነሸም ኢትዮጵያ
ቁጽሪ ትግርና
2019

## ብርሃን -2019
## ብብርሃንካ ብርሃን ንርኢ ኣለና።

ብርሃን ማለት በረኸት፣ ለውጢ፣ ምሕዳስ፣ ምስጋና፣ ምፍዋስ... ነዚ ዝመስል ካልእ ውን ዝሓዘ እዩ። እግዚኣቢሄር ንገዛእ ርእሱ ባዕሉ ብርሃን እዩ። ኣብኡ ሓንቲ እኳ ጸልማት የልቦን ( 1ዮው 1 ፤ 5 )።

ካብ ብርሃን ዝውለድ ብርሃን ስለዝኾነ ከኣ ንዓና ብርሃን ዓለም ኢኹም ኢሉና።
( ማቴ 5 ፤ 14 )
ኣብ ህይወት ክንመላለስ ከለና እግዚኣቢሄር ኣምላኽ ብቃሉ ኣቢሉ ብርሃን ይህበና ማለት ነቲ ቃሉ ብመንፈስ ቅዱስ ገይሩ ይገልጸልና እሞ፣ ነቲ ዝተገልጸልና ቃል ስጉምቲ ብምውሳድ ኩሉ ሳዕ ብዓወት ከመላልሰና እዩ ዝደሊ። ዘይተገልጸልና ቃል ንዓና ፊደል እንበር ብርሃን ኣይኮነን። ብቃሉ ብርሃን ናብ ህይወትና እንተመጺኡ ጸገማትና ክስበር ኢና ንርኣዮ። ምኽንያቱ ንዝበርህ ብርሃን ዝሕዝ ጸልማት የልቦን (ዮው 1 ፤ 5 )

## ብርሃን ቃሉ ብኸመይ ይረኽቦ።

ብግልኻ ብመንፈስ ኴንካ ቃሉ ብምንባብ ናይ ቃሉ ምግላጽ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ቅልል ብዝበለ መንገዲ ግን ኣብዛ ሒዝካያ ዘለኻ ወርሓዊ ትዳሎ ንእሽተይ መጽሓፍ ነዊሕ ከኺደካ ዝኽእል ዝተፈላለየ ኣብ ህይወት ዝገዝእ ጸልማት ዘቃልዕ ብርሃን ክትረክብ ኢኻ እሞ ነፍሲ ወከፍ ኣርእስትታት ሃዲእካ እናጸለኻ ኣንብብ እንዳ ኣንበብካ ጸሊ።

# እግዚኣብሄር ተዓሪቕካ(ኪ) እዩ።

" እዚ ኩሉውን ካብቲ ባዕሉ ብክርስቶስ ገይሩ ዝተዓረቀና ኣምላኽ ኢዩ።
እወ ኣምላኽ ንዓለም ምስ ርእሱ ክዓርቃ ከሎ ብክርስቶስ ጌሩ ኢዩ፣
በደሎም ኣይሓዘሎምን ፣ ንዓና ከኣ መልእኽቲ ዕርቂ ሃበና።
ስለዚ ንሕና ናይ ክርስቶስ ኣንበሳደር ኢና። ኣምላኽ ከኣ ይዕድም ኣሎ ።
ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኮይንና ድማ " ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ " እናበልና ንሕና
ብክርስቶስ ተኻፈልቲ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ክንከውን ኣምላኽ ነቲ
ሓጢኣት ዘይፈልጥ ኣብ ክንዳና ሓጥኣት ገበሮ። (2ቆሮ 5,፣18-20 )
ብዙሕ ግዜ ንሕና ደቂ ሰባት ብዛዕባ መንነትን ባህርን እግዚኣብሄር
ከምቲ ዝግባእ ጌርና ኣይንፈልጦን ኢና። ስለዝኾነ ኸኣ እግዚኣብሄር
ማለት ኩሉ ሳዕ ዝቖጽዕን ጌጋታትና ክከታተል ዝውዕልን ኣምላኽ ጌርና ኢና ንወስዶ።
ዘረባናን ጸሎትናን'ውን ኣምላኽ ተዓረቐኒ ዝብል ሓሳብ ኣለዎ ወይ'ውን ብሰባት
ኣምላኽ
ይተዓረቅካ ዝበሉ ቃላት ተደጋጋሚ ኢና ንሰምዖም።
ሃዋርያ ጳውሎስ ግና እግዚኣቢሄር ኣምላኽ ቅድሚ 2000 ዓመት ኣብ መስቀል
ወዱ የሱስ ክርስቶስ ሓዲግ ሰማይን ምድሪን ተንጠልጢሉ ደሙ ከፍስስ ከሎ
ባዕሉ እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጢ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ኮይኑ ተዓሪቑና ኢዩ ይብለና
ኣሎ።
ስለዚ ነዛ ጽሕፍቲ ተንብብ ዘለኻ ሓዊ/ ሓፍቲ ሓደ ነገር ክብለካ(ኪ)
ሓጥኣትካ(ኪ )ይቕረ ተባሂሉልካ'ዩ ምኽንያቱ ባዕሉ እግዚኣቢሄር
ተዓሪቕካ(ኪ) እየ ይብል ኣሎ ።
ተሪፉ ዘሎ መልሲ ዘድልዩ ሕቶ ግን ንስኻ(ኺ) ምስ እግዚኣቢሄር ተዓሪቅካ(ኪ) ድኻ
(ኺ)?
ምናልባት ኣነውን ምስ እግዚኣቢሄር ኣምላኽ ክዕረቕ ይደልይ እየ ትብል ሰብ
እዚ ሕጂ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ጸሎት ብልብኻን ኣፍካን ተዛረቦ።

ጎይታ የሱስ የመስግነካ ኣለኹ፥
ቃልካ ክሰምዕ ግዜን ቦታን ስለ ዝሃብካኒ፥
ጎይታ የሱስ ንስኻ ንዓይ ክትብል
ከም ዝተሰቀልካ ከም ዝሞትካን
ከም ዝተንሳእካን ብልበይ ይኣምን።
ብኣፈይ ከኣ ይምስክር ኣለኹ።
ኣነ ሕጂ ዳግም ተወሊደ
ሓድሽ ሰብ ኮይነ ኢየ
ብስም የሱስ ኣሜን።

ኣድራሻና:-
Add-Hagalundsgatan 9
169 65 solna, Sweden
e-mail:-kebronministry @yahoo.com
Facebook:- Kebron international Apostolic ministry.com
www.kiam.tv
Telephone 0046 (0)739 231 775     0046 (0)794 085 084

# ትሕዝቶ

1. ምስክርነት ካብ ኣቀዲመን ዝወጻ ብርሃን .................5
2. ሓዲኡ ምረጽ .......................................................6
2. ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዘሎ ኣጽዋር ሰይጣን .................8
3.ጽናዕ ዝተባህለ ንምንታይ'ዩ ...................................10
4.ንዝበለጸ በረኸት ክትገብሮ ዝግብኣካ ......................12
5. ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ማዕረ ክንደይ ክቡር ምኻንካ(ኪ) ኣስተብህል.............14
6.ምድሓን ነፍሰይ መዓስ'ዩ...............................16
7. ስለምንታይ እዩ ሰይጣን ክከሰስ ዘይክእል.........................18
8. ኣምላኽ ዝማርኽ ህይወት .............................................20
9. መሰረታዊ ፍልልይ ምርዳእ..........................................22
10.የሱስ እዩ ኣቲ ዝበለጸ..................................................24
11.ንጹህ ሰብ መን እዩ.......................................................26
12.ብሩኽ ገንሸል..............................................................28

# ምስክርነት ካብ ኣቀዲመን ዝወጻ ብርሃን

ኣነ ሎሚ ክምስክሮ ደለይ ዘለኹ ካብ ዝሓለፋ ብርሃን ዘንበብኩዎ ውሽጠይ ዝተንከፈትኒ ወይ ድማ ዝበርሃለይ እንተነይሩ “**እቲ ዘይረአ ይብርትዕ** “ ትብል ኣርእስቲ ካብ ብርሃን ቁጽሪ 27 እንዳኣንበብኩ ዝበርሃለይ ብርሃን ኢየ ክምስክር ደልየ።



ሰናይት ክብሮን

ንሱ ከኣ ዘይ ርአ ይብርትዕ ኸብለና ከሎ ኣብኡ ዘሎ እቲ ኩሉ ጽቡቕ። ማለት እቲ ዘይርኣ ብመንፈሳዊ ዓይኒ ዝርኣይ ወዲ ኒጉስ ምኳንካ ዘፍልጠካ ኩሉ ናትካ ጽቡቕ ተወዲኡልካ ምካኑ ዝነግረካ ናትካ ነገር ዩ እቲ ዘይርኣ ዝብሎ ዘሎ። ኣብዚ እቲ ዝረአ ካብቲ ዘይርኣ ክብል ከሎ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ቅድሚ ምስራት ዓለም ዝተመደበሊና ሞ ኣብ መስቀል ከኣ ከም ዝተወዳኣልና ምፍላጥ ዩ። ነዚ ዝተወደኣልና ኩሉ ናትና በረከት ኩሉ ጽቡቕ ዘበለ ተረዲኡና ክንወስዶን ክንነብረሉን ምስ ጀመርና ኣብዚ ዝርኣ ዓለም ማለት ብስጋ ተምቹእና ክንነብር ከለና ካብቲ ዘይርኣ ዝርአ ይወጽእ። እዚ ማለት ኩሉ ግዜ ከኣ ህጉስ ሂወት ዋላ ዘይሎ ከሎ ከም ዝመጽእ ተኣማሚንካ ትጽበዮ ሞ ትወርሶ ከኣ። እዚ ሎሚ ንዓይ ካብ ብርሃን እንዳ ኣንቡብኩ ዝበርሃለይ ዩ። ስለዚ መጽሓፍ ብርሃን ብዙሕ ዘውጽእን ዘሳግርን ዘለዋ ከምካና መጠን ንኩሉኩም ከተንብብዋ በዚ ኣጋጣሚ ይዕድመኩም ። ስለቲ ኩሉ ነገር ጎይታ የሱስ ይክበር። ኣሜን።

# ሓዲኡ ምረጽ !

**ብጸጋ ካብ ዚኸውን ግና፡ እምበኣርስከ ካብ ግብሪ ኣይኮነን። ብዘይእዝስ እቲ ጸጋውን ጸጋ ኣይከውንን። ካብ ግብሪ ካብ ዚኸውን ግና ደጊም ጸጋ ኣይኮነን። እንተዘይኮነስ እቲ ግብሪውን ግብሪ ኣይከውንን እዩ።(ሮሜ 11፡6)**

ምርጫ ክልተ እንተ ኮይኑ ክልቲኡ ክትመርጽ ከምዘይትክእል ሃዋርያ ጳውሎስ ክኣ ብሕጊዶ ብጸጋ እንዳበለ ክልተ ሕቶታት ይሓተናሎ እቲ ምርጫ ግና ሓደ እዩ ክከውን ዝክእል።ገለ ገለ ሰባት ኣዝዮም እዮም ዝሓዋውሰዎ እዚ ማለት ክኣ ከምቲ ኣቀድም ኣቢልና ዝርኣናዮ ንሕግን ጸጋን ኣብ ሓደ ብምምጻእ ክነብሩ ይደልዩ እሞ ይጋጨዎም። ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ሓደ ግዜ ደቂ መዛምርቱ ንምንታይ ከምዘይጾሙ ምስ ሓተትዎ ዝመለሰሎም ኣብ ክልተ ነገር ብምርኣይ እዩ።እቲ ሓደ ኣነ መርዓዊ እየ ንሳቶም የዕሩክ እዮም ስለዚ ንግዝይኡ ምሳይ ክሕጎሱ ይግብኦም ዝብል ክከውን ከሎ እቲ ካልኣይ ግና ኣረጊት ክዳን ምስ ሓድሽ ክዳን ከመይ ኢልኩም ተልግብዎ ወይድማ ሓድሽ ወይኒ ኣብ ኣረጊት ሓርቢ ከመይ ጌርኩም ተዕርቅዎ ተዘይኮነ ክልቲኦም ይቅደዱ ብምባል ብሉይን ሓድሽን ክሓዋውሱ ከምዘይብሎም ተዛረቦም።ብዙሕ ግዜ ሰባት ምድሓንና ብጸጋ እዩ ዝብል ከምዘለዎ ዝቅበልዎ ኮይኖም ምንባርና ብጸጋ ግን ኣካታዒ ዝኮነሉ ምኽንያት ኣይርድኣንን እዩ።ምክንያቱ ሃዋርያ ጳውሎስ ጸጋ ኣምላክ ከድሕነና መጺኡ ድሕሪኡ ግን ኣኪሉ ኣብ ሓደ ምድሪ በዳ ደርብዩና ኣይኮነን ዝብል እንታይ ደኣዩ እዚ ጸጋዚ ምሳና ብምጉዓዝ ካብ ዝኣተናዮ መከራ ከምዘውጽኣና እዩ ዝዛረብ።

**እቲ ኣባይ ዝርኤኹምዎ ሕጂውን ኣባይ እትሰምዕዎ ዘሎኹም ገድሊ፡ ከምኡ ዝበለ እናበጽሓኩም፡ ሳላ ክርስቶስ ምእንታኡ መከራ ድማ ክትጸግቡ እምበር፡ ብእኡ ኽትኣምኑ ጥራይ ኣይኩነን ጸጋ ተውሂብኩም ዘሎ።** (ፊሊ. 1፡29-30)






ዘሎኹም ገድሊ፡ ከምኡ ዝበለ እናበጽሓኩም፡ ሳላ ክርስቶስ ምእንታኡ መከራ ድማ ክትጸግቡ እምበር፡ ብእኡ ኽትኣምኑ ጥራይ ኣይኰነን ጸጋ ተውሂብኩም ዘሎ። (ፊሊ. 1፡29-30)

ኣስተውዒልኩም ሃዋርያ ጳውሎስ ዘድሕነናን ካብ መከራ ዘውጽኣናን ጸጋ እዩ ይብል ባዕሉ ኣብ ልምምዱ ሃዋርያ ጳውሎስ ዋላ ሕጂ ዝነብሮ ዘሎን ዝሰርሖ ዘሎን ሓለፋ ኩሎም ይኩን እምበር ብጸጋ ምኳኑ ምንባሩ እዩ ዝዛረብ።

# ኣዋጅ

# ብሽም የሱስ ክርስቶስ ክእለተይን ሓይለይን ኮንቱ እዩ።

# ጥበበይን ክእለተይን ኮንቱ እዩ።

# ኣነ ዝደሓንኩ ብጸጋ ዝነብሮ ብጸጋ ዝንጠቕ ከኣ ብጸጋ እዩ።

# ብስም የሱስ

# ኣሜን።

**እቲ ዘሎኽዎ ግና ብጸጋ ኣምላኽ እየ ዘሎኹ። ካብ ኩላቶም ዚበዝሕ ደኣ ጸዓርኩ እምበር፡ እቲ ንኣይ እተዋህበ ጸጋኡ ኸንቱ ኣይኰነን። እቲ ምሳይ ዘሎ ጸጋ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኰንኩን።** (1**ይ ቆረ** 15፡10)

ሓወይ እምበኣር ምናልባት ሕጊ ኣምላኽ ብምክባር እየ ዝመላለስ ወይ ድማ ሕጋጋት ኩለን ብምፍጻም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተጻሕፈ ኣስታት 612 ሕጋጋት ክፍጽሞ በዚ ንኣምላክ ከሐጉሶ እየ ትብል እንተለካ ሓሙሸተ ነገር ክስዕበካ እዩ ንሱ ከኣ ጭንቀት፣ፍርሓት፣ጥርጥር፣ናይ ሓጥያተኛ ስምዒትን ገለልተኝነትን ምክንያቱ እቲ ኣይትግበር ዝብል ግበር እቲ ግበር ዝብል ክኣ ኣይትግበር ስለ ዘዘክረካ ከምዚይ ትክእሎ ልክዕ ምስ ኣርኣየካ ካብ ኣምላክ ገለ ከም ዝጎደለካ ኣምላክ ጽቡቅ ከምዘይርእየካን ኣብምርዳእ ስለ ትመጽእ ኣብ ጭንቀት ክወስደካ እዩ እሞ ተመለስ።ከምዚ በል ሓይልን ክእለትን የብለይን ነዚ ክገብሮ የግዳ ኣብ ጸጋ ይውክውል ኣለኩ። እምበኣር ከምዚ ንበል ሓቢርና ኩሉ ምድሓንና ብጸጋ፣ ምንባርና ብጸጋ፣ ምንጣቅና ብጸጋ እዩ ኣሜን።


# ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዘሎ ኣጽዋር ሰይጣን

**ገለ ቕሩብ ዕሽነት ክትዕገሱኒ ምደለኹ፡ እስኪ ተዓገሱኒ ደኣ። ብቕንኢ ኣምላኽ እቐንኣልኩም እየ እሞ፡ ንጽህቲ ድንግል ንክርስቶስ ምእንቲ ከቕርበኩም፡ ንሓደ ሰብኣይ ኣሕጽየኩም እየ። ግናኸ ከምቲ ተመን ብጒርሑ ንሄዋን ዘስሐታ፡ ከምኡውን ሓሳብኩም ካብቲ ናብ ክርስቶስ ዚኾነ ገርህነትን ንጽህናን ምናልባሽ ከይጥፋእ እፈርህ ኣሎኹ።**(2ይ ቀረ 11፤1-3)

ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ሄዋን ንምዝራብ ዝኣክል ንሰብ ቀረንጦስ ክልዕል ከሎ ኢና እንርእዮ ወይ ክኣ ከምዚ ክንብል ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘሎ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዘሎ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኮነ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዘሎ ኣጽዋር ሰይጣን ሓደ እዩ ንሱ ከኣ ምትላል እዩ ኢሉ የቀምጦ። ሰይጣን ከምእንፈልጦ ንሄዋን ዘታለላ መንገዲ ኣብቲ ኣምላክ ዝተዛረባ ዘረባ ወጻኢ ካልእ ናይ ገዛእ ርእሱ ድምጺ ኣምጺኡ ክዛረባ ከሎ ኢና እንርኢ።

**እቲ ተመን ድማ ነታ ሰበይቲ፡ ኣይፋልኩም፡ ኣምላኽ ደኣ ካብኣ ምስ እትበልዑ መዓልቲ ኣዒንትኹም ከም ዚኽፈታ፡ ከም ኣምላኽውን ከም እትኾኑ፡ ጽቡቕን ክፉእን ከኣ ከም እትፈልጡ፡ ስለ ዝፈለጠ እዩ እምበር፡ ኩቶ ኣይትሞቱን ኢኹም፡ በላ።** (ዘፍ 3፤4-5)

ኣስተውዕሉ ብዙሕ ግዜ ከምዝነገርናኩም ወይድማ ከምዝሓበርናኩም ወዲ ሰብ ዝወደቀ ብሓይጣት ዘይኮነስ ብዘይ ምእማን ምኳኑ እዩ። ምክንያቱ ቀድሚ ናብ ሓጥያት ምውዳቑ እግዚኣብሄር ዝተዛረቦ ዘረባ ኣሚኑ ደው ኢሉ ነይሩ ተዝከውን ኣዳም ወይ ሄዋን ሰይጣን ዝበሎ ኣብ ስፍርኡ ኣይምተረከበን ነይሩ። የግዳ ካብቲ ኣምላክ ዝበሎ ወጻኢ ሰይጣን ዝተዛረቦ ስለ ዝኣመነት ሄዋን ክትበልዕ ተገዲዳ ንኣዳም ከኣ ሂባቶ ብእኡ ወድሰብ ክኣ ወዲቁ። ሎሚ ዝተባረኽካ ህዝቢ ኣምላክ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ሂወት፣ ኣገልግሎት ፣ናብራ፣ ሓዳር፣ ቀልዑት፣ መጻኢ ስራሕ፣ ትምህርቲ እንታይ ተዛሪቡካ ኣብኡ ደው በል ምክንያቱ እግዚኣብሄር ከም ዝተዛረበካ ምስ ኣረጋገጸ ናይ ገዛእ ርእሱ ድምጺ ሒዙ ተመን ምምጽኡ ዘይተርፍ እዩ። ጎይታ የሱስ ክርስቶስ







“ ሓደ እዋን ተዛሪቡ ኣስተውዕለሉ ኣባጊዐይ ድምጸይ ይሰምዓ ድምጺ ካልእ እንተሰምዓ ግና ይጋልባ ወይ ክኣ ይሃድማ እዩ ዝበለ።ስለዚ ንድምጺ ኣምላክ ሓንጎፋይ ኢልካ ምስተቀበልካዮ ካብ ድምጺ ክልእ ግን እግረይ ኣውጽእኒ የድሊ እዩ። እግዚኣብሄር ተዛሪቡኒ ኢልካ ምስ ተሓጎስካ ደስ ምስ በለካ ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ነቲ ቓል ምስተቀበሎ ብኡ ብኡ ትሕጎሰ እሞ ኣብ ግዳም ጸኒሑ ነቲ ቃል ሰይጣን መንጠሎ ክምዝብለና ምስትውዓል። ሎሚ እግዚኣብሄር ተዛሪቡኒ ትብል ዘለካ ሓዊ ሓፍቲ ኣብኡ ጽናዕ ደው በል ሰይጣን ኣፍ ሰባት ተካርዩ ኮነ ብቀጥታ ብሓሳብ መልክዕ ኣብ ኣእምሮካ ካብቲ እግዚኣብሄር ዝተዛረበካ ወጻኢ ዘስምዕ ድምጺ ከስምዓካ ምኳኑ ኣይትዘንግዓዮ።

## ኣዋጅ

**ብሽም የሱስ ክርስቶስ ኣነ ኣብቲ ኣምላክ ዝበለለይ ደው ኢለ ኣለኹ።**

**ካልእ ድምጺ ኣይሰምዕን እየ ብ ሽም የሱስ።**

# ጽናዕ ዝተባህለ ንምንታይ'ዩ !

**“ሓራ ምእንቲ ኽንከውንሲ፡ ክርስቶስ ሓርነት ኣውጺኡና እዩ። ስለዚ ጽንዑ፡ ከም ብሓድሽውን በርዑት ባርነት ኣይትቊረኑ። እንሆ፡ ኣነ ጳውሎስ፡ እንተ ተገዘርኩም፡ ክርስቶስ ገለ እኳ ኣይጠቕመኩምን እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ።” ገላ - 5:1-2**

*ሃዋርያ ጳውሎስ ንማሕበር ገላትያ ከም ዝመስረቶ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ከነንብብ ንኽእል ኢና:: ገላትያ ሓንቲ ቓል ጥራይ ስለ ዝኾነት ሓንቲ ማሕበር ክትመስለና ኣይግባእን ምኽንያቱ ነ ኣርባዕተ ማሕበራት ዝውክል ሓበራዊ መልእኽቲ እዩ:: ሃዋርያ ጳውሎስ ነዘን ማሕበራት እዚኤን ብ ጸጋ ኣምላኽ ስለ ዝደሓና ብ ጸጋ ኣምላኽ ክነብራ ወይ ድማ ናቶም ክእለትን ሓይልን ኣብቲ ዝገብርዎ ጽድቅን ስራሕን ወላሕንቲ ትርጉም ከምዘይብሉ ብሓይልን ጸጋ ኣምላኽን ከምዝኽእልዎ ብእኡ ስለ ዝድሓኑ ብእኡ ክም ዝነብሩ ጌሩ ኣብቂዑ ንዓዱ ን የርሳሌም ክም ተመልሰ ናብ ሸማግለታትተጸምቢሉ ኽኣ ጸብጻብ ከም ዝሃቦም ከኣ ነንብብ:: የግዳ ጽንሕ ኢሎም ሓሰውቲ መምህራን ብምእታው ክትድሕኑ ኾነ ክትነብሩ ሕጊ ሙሴ ኽኣ ከተማልኡ ይግባእኩም ኢሎም ጸጋ ክድመር ሕጊ ይኸውን ምድሓን ዝዓይነቱ መልእኽቲ ክም ዘሕለፍሎም ሰምዐ:: ሃዋርያ ጳውሎስ ነዞም ተሓቢኦም ዝኣተዉ ሰለይቲ እዮም ይብሎም ዝገርም'ዩ:: ስለዚ ኽኣ ጽንዑ ይብሎም ኣብቲ ኣነ ዝነገርክኹም ወይ ድማ ዘበስርክኹ ወይ ድማ ምድሓን ኮነ ምንባር ብጸጋ ኣምላኽ ጥራይ ክኸውን ዝበልክኹምሲ ኣይሸካን ሓሰውቲ መምህራን ኢሉ ይብሎም ኣነ ኮነ መልኣኽ ካብ ሰማይ እንተመጸ ከይትቕበልዎ እቲ ሓቂ ንሱ እዩ:: ሓወይ/ ሓፍተይ ሎሚ ብጎይታ ሓራ ወጺኻ ዲኻ ።*




**“ስለዚ ወዲ ሓራ እንተ ኣውጽኣኩም፡ ብሓቂ ውጹኣት ሓራ ኽትኰኑ ኢኹም። “ ውዮ~8 36**

ስለዚ ወዲ ሓራ እንተ ኣውጽኣኩም፡ ብሓቂ ውጹኣት ሓራ ኽትኰኑ ኢኹም።

ኀይታ ዝብል ዘሎ ነስተውዕለሉ የሱስ ሓራ እንተ ኣውጺእዎ ሰብ ናብ ንባርነት ከእትዎ ኣይክእልንእዩ :: ስለዚ ናይ ሰባት ትምህርቲ ውይ ሓሳብ ወይ ድማ ናይ ሰበኽቲ መምህራን ፓስትራን ሽማግለታን ሃዋርያትን ዝኾነ ይኹን ካብቲ ነጻ ምኻንካ ናይ ሓርነት ስምዒት ዝስምዓካ ዝገበረ ናይ የሱስ ክርስቶስ ሞትን ስቓለትን ትንሳኤን ከምኡ ድማ ናይ እግዚኣብሔር ኣሰራርሓ ወጻኢ ክዛረብ ዝደለየ ወልሓንቲ ኣይትቀበሎ ኣብቲ ሓቂ ጽናዕ

# ኣዋጅ

## ብ ሽም የሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ሓቂ ጸኒዐ እየ ! ንድሕሪት ኣይምለስን እየ ! ሓራ ምእንቲ ክከውን ክርስቶስ ሓራ ኣውጺእኒ እዩ።

# ንዝበለጸ በረኸት ክትገብሮ ዝግብኣካ

**“ካብታቶም ሓደ ኸኣ ከም ዝሐወየ ምስ ረአየ፣ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ንኣምላኽ እናኣመስገነ ተመለሰ። እናኣመስገኖ ኸኣ ኣብ እግሩ ብገጹ ተደፍኤ። ንሱ ኸኣ ሳምራዊ እዩ። የሱስ ግና፥ ዝነጽሁስ ዓሰርተ ደይኰኑን፧ እቶም ትሽዓተ ደኣ ኣበይ ኣለዉ፧ብጀካ እዚ ኻልእ ዝዓሌቱስ ንኣምላኽ ክብሪ ኺህብ እተመልሰዶ የልቦን፣ ኢሉ መለሰ። ደሓር ከኣ፥ ተንስእ እሞ ኺድ እምነትካ ኣሕወየትካ፣ በሎ።” ሉቃ~17:15-19**

ዓሰርተ ለምጻማት ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ከም ዝፈወሰ ኣብዚ ቓል ንረኽቦ:: ከም ልክዕ ኾነ ፈርሳውያን ኮነ ሰርቓውያን ካልእ መምህራን ሕጊ ብማዶዶማዕዶ ዝርእይዎም ዝነበሩ ኣጋጣሚ እዞም ሰባት እዚኦም ከኣ ንጎይታ የሱስ ከምኡ ስለ ዝመሰሎም ብኣካል ክቀርብዎ ኣይደፈሩን እሞ ብምዓዶ ኾይኖም ሓተትዎ:: ጎይታ የሱስ ከኣ ክም እምነትኩም ይኹነልኩም ተፈዊስኩም ኢኹም ዝዓይነቱ መልሲ መለሰሎም:: እቲ ዝገርም ግና ምሉእ ብምሉእ ቅጽበታዊ ፈውሲ ተፈዊሶም ኣይብለናን እንታይ ደኣ ኣሚነሞ ነቲ ቃል እንዳኸዱ ኸለው ይብለና እዚ ዘርኤና ኸኣ እምነት ወይ እግዚአብሔር ዝበለና ቃል ክንስግመሉ ከለና ለውጢ ከም ዘምጽእ እዩ:: ክምስክር ዝመጸ ናብ ጎይታ የሱስ ከም ተፈወሰ ክሕብር ዝመጸ ግና ሓደ እሞ ኸኣ ዘይ እስራኤላውያን ማለት መስርሕን ስርዓት ኣምላኽ ዘይፈልጥ ዓለማዊ ሰብ ነበረ:: እምብኣር ብዙሓት ሰባት ዘየስተውዕልዎ ኣብዚ ቓል ኣላ ንሱ ኸኣ ለምጺ ማለት ኣብ ቀርበትካ ምልክት ጌሩ ካብ ምልክት ናብ ምልክት ከኣ እና ብኣሰ ዝቐትል ሕማም ክኸውን ከሎ እዞም ሰባት እዚኦም ጎይታ የሱስ ዝተዛረቦም ቃል ተፈዊሶም ግን ኣብ ቀርበቶም ምልክት ምንባሮም እዩ ዝዛረብ የግዳ እቲ ዳሕራይ ዝመጸ እሞ ዝመስከረን ዘመስገነን ግና ምሉእ ኩን









ማለት ብ ጎይታ የሱስ ኣዘራርባ ዋላ ናይ ቀርበት ምልክቱ ከም ዝጠፍአ ኢና ነንብብ ኣብካልእ ሸርሽናት ወይ ድማ ኣብ ካልእ ክፍሊ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ:: ሓወይ ቡዙሕ ተባረኽ ንዝበለጸ በረኸት ንዝበለጸ ምስጋር ንዝበለጸ ዕብየት በቲ ዘለካ ከተመስግን ወይ በቲ ዝተገብረልካ ከተምስግን ይግባእ'ዩ:: ኣስተውዕል ሰይጣንን ሰባትን ኩሉ ሳዕ ንቕድሚት እዩም ዘርእይኻ ወይ ዘይተሰርሖን ድማ ጎደሎኻ ከጠምቱኻ ከለው እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ዝተገብረ በብሓደ ክትጽብጽቦ ይደሊ ሎሚ ሓንቲ መገዲ ክሕብረካ ዝበለጸ ነገርዶ ትደሊ ኣለኻ ወይ ዘይተመለሰ ጸሎትዶ ኣለካ ወይ ዝዶንገየ ኣርእስቲ ጸሎት ወይ ትጽበዮ ዘይኮነ ነገር ብዘሎ ተመስገን በል ንሰባት እግዚኣብሄር ዝገበረልካ ክትምስክር ጀምር ቅጽበት እቲትደልዮ ብዕጽፊ ኣብ ሕቕፎኻ ክመጽእ እዩ


## ኣብ ምስጋና


ዎ ኣምላኽ የመስግነካ ኣለኹ ክብሪ ኹሉ ነዓኻ ይኹን ይርኢ ይበልፅ ይሰምዕ ይሰቲ ጥዕና ምሉእ ኣለኒ ክብሪ ኹሉ ንዓኻ ይኹን ብስም የሱስ ዝጎደለ የለን እቲ ክመጽእ ዘለዎ ብሎሚ ዘመስግኖ ምስጋና ስለ ዝመጸ የመስግነካ ኣሜን::


# ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ማዕረ ክንደይ ክቡር ምኻንካ(ኪ) ኣስተብህል !

"ሽዑ ጻድቃን ኣብታ መንግስቲ ኣቦኦም ከም ጸሓይ ኪበርሁ እዮም። እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ። ድማ መንግስተ ሰማያት ኣብ ግራት እተሐብኤ እሞ ሰብ ረኺቡ ዝሐብኦ መዝገብ ትመስል። ብታሕጓስ ከይዱስ ዘለዎ ኹሉ ሸይጡ ነታ ግራት እቲኣ ዐደጋ ድማ መንግስተ ሰማያት ጽብቕቲ ዕንቍ ዚደሊ ነጋዳይ ትመስል። ሓንቲ ኽብርቲ ዕንቍ ምስ ረኸበ ከይዱ ዘለዎ ኹሉ ሸጠ እሞ ዐደጋ።" ማቴ_~13፡43~46

ነይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ከመይ ተደሊና ክም ተረኺብና ክዛረብ ከሎ ንዓና ክምስለና ከሎ ከም ኩቡር ዑንቂ ወይ ከኣ ሕቡእ መዝገብ ጌሩ ክዛረበልና ምስምዑ ኣዝዩ ደስ ዘብል እዩ:: ሓደ ሓደ ግዜ ናብ ቤት ኣምላኽ ምስ መጻና ኣብ ቤት ኣምላኽ ድማ ነዊሕ ግዜ ምስ ወሰድና ብዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ ልዕሌና ዘለዎም ኣርኣእያ ኾነ ብግዳም ዘለው ሰባት ንዓና ዘለዎም ዝለዎም ግምት ኣብ ኣእምርኦም ምስ ኣእተውና ንርእስና ዘለና ኣመላልኻታ ክንቅይሮ ወይ ድማ ከምቲ ግቡእ ከይንርእያ ንርኢ ኢና:: ኣምላኽ ግን ይብል ኣሎ ክቡር ዑንቂ ወይ ድማ ሕቡእ መዝገብ ኢኹም ይብል ኣሎ ምናልባት ኣብዚ ቃል እዚ ንመንግስቲ ኣምላኽ ዝውክል ክንብል ንኽእል ተደሊና ከም ትረኺብና ግን ይዛረበና ኣሎ እዝን ነዝን ንምፍላጥ ድማ ሉቃስ 15 ከምይ ተደሊና








ከምተረኽብናሞ ይነግረናሞ ክም ሓንቲ ካብ 99 ትብልጽ በጊዕ ወይ ድማ ኣብ ገዛ ዝተሓብአት ዑንቂ ወይ ውን ጥፉእ ወዲ ገይሩ ክቐርበና ከሎ ንርእዮ:: ናይ እግዚኣብሄር ህዝቢ ሎሚ ምሸት ንርእስኹም ዘለኩም ምድርዳእ ክትልውጥዎ ይደሊ ኣለኹ ምኽንይቱ እግዚኣብሄር ብ ነብይ ኢሰያስ ክዛረብ ከሎ ኣብ ቅድሚ ::

ዓይነይ ብሉጽን ክቡሩን ስለ ዝኾንካ ኢሉ ክም ተዛረበ ኣብ መጽሐፉ ቅዱስ ነንብብ ኢና

**ኣብ ኣዒንተይ ብሉጽን ክቡርን ስለ ዝኾንካን ስለ ዘፍቀርኩኻን፡ ኣብ ክንዳኻ ሰባት፡ ኣብ ክንዲ ህይወትካ ድማ ህዝብታት ክሀብ እየ:: ኢሰ-43:4**

# **ኣዋጅ**

**ብስም የሱስ ክርስቶስ ኣነ ሰባት ዝበሉኒ ኣይኮንኩን ብስም የሱስ ክርስቶስ ንርእሰይ ዝርእያ መነጸር ጌጋ መነጸር ከምኡ ኣይኮንኩን ብየሱስ ስም ኣነ ኣምላኽ ዝበለኒ እየ !!!**

**ኣሜን::**

# ምድሓን ነፍሰይ መዓሰ'ዩ!

**“ፍቁራት ኣሕዋተየ፡ እዚ ትፈልጡ ኢኹም። ኵራ ሰብኣይሲ ጽድቂ ኣምላኽ ኣይገብርን እዩ፡ ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ንምስማዕ ቅልጡፍ፡ ንምዝራብ ደንጓዪ፡ ንኹራ ደንጓዪ ይኹን። ስለዚ ንርኽሰት ዘበለን ብዝሒ ኽፍኣትን ኣርሕቑ፡ ነቲ ንነፍስኹም ኬድሕና ዚከኣሎ ትኹል ቃልውን ብገርህነት ተቐበልዎ። ገበርቲ ቓል ኩኑ፡ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ። ሓደ እኳ ሰማዕ ቃል ኩይኑ ገባሪ እንተ ዘይኰነ፡ ንሱ ነቲ ንገጽ ፍጥረቱ ብመስትያት ዚርኢ ሰብኣይ እዩ ዚመስል።” ያቆ 1:20~23**

መጽሓፍ ቅዱስ ክም ዝሕብረና ሰብ ብ ሰለስተ ነገር ዝቖመ እዩ ማለት ሰብ መንፈስ፥ ነፍሲ፥ ስጋ ዝብሃሉ ሰለስተ ኣካላት ዝሓዘ'ዩ።

**“ኣምላኽ ሰላም ባዕሉ ኸኣ ንኹለንትናኹም ይቐድሶ፡ በቲ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ ብዘሎ መንፈስኩምን ነፍስኹምን ስጋኹምን ብዘይ መንቅብ ኪርከብ ይተሐሎ። “1ይ ተሰ ~5-፥ 23**

**“ቃል ኣምላኽ ህያውን መስለጥን እዩ እሞ፡ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዚበልሕ እዩ፡ ነፍስን፡ መንፈስን፡ መፈላልዮን ኣካላትን ኣንጕዕን ክሳዕ ዚፈላሊ ዚሰጥም፡ ኣብ ምሕላንን ሓሳብ ልብን ከኣ ዚፈርድ እዩ።” እብ 4:12**

ኣብ ላዕሊ ዝርኣናዮ ጽሑፋት ሰብ መንፈስ ነፍሲ ስጋ ከምዘለዎ እዛረብ ኮይኑ መንፈስ ሰብ ጎይታ ምስ ተቐብለ ምሉእ ብምሉእ ዝድሕን ኮይኑ 2ቆሮ 5:17 ስጋ ሰብ ድማ ኣብ ድሓራይ ዘመን ምምጻእ የሱስ ክርስቶስ ምሉእ ብምሉእ ዝድሕን እዩ ሮሜ 8:23 ብዝዓባ ናይ ሰብ ነፍሲ ግን ቃል ኣምላኽ ክዛረበና ኸሎ ሓደ እዋን ዝድሓነት ወይ ከኣ ብሕጂ ምድሓን ትጽበ ከም መንፈስን ስጋን ዘይኮነሲ ኣኣብ መዓልቲ ክትድሕን ዝግብኣ ብ ቓል ኣምላኽ  ክትሕደስ ክትጽረብ ዝግብኣ ብምኻኑ ይዛረበና

**“ደጊም፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ እቲ ምእንቲ ጽቡቕ ፍቓዱ ኢሉ፡ ኣባኻትኩም ድሌትን ግብርን ዚገብርሲ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ከየሎኹ ግዳ እቲ ዚበዝሕ እምበር፡ ከሎኹ ጥራይ ዘይኰኑ፡ ከምቲ ኹሉ ሳዕ እተኣዘዝኩም፡ ብፍርሃትን ራዕድን ንምድሓንኩም ፈጽሙ። “ፊልጲ 2:12-13**








ስለዚ ንፍስና ኣኣብ ጽባሕ ብ መጠን ቃል ኣምላኽ ዝቐለብናያ ዝመገብናያን ትሕደስ ማለት ከኣ ኣረጊት ኣተሓሳስብኣ ይጠፍእ :: ሓደ ገዛ ክሕደስ ተተባሂሉ ኣሪጉ ከም ዘሎ ከምንፈልጥ ኩሉ ሓደ ሰብ ተሓዲሱ እምበር እንተ ኢልና ኣሪጉ ምንባሩ ከም ዘማላኽት

ኹሉ ነፍሲ ምሕዳስ የድልያ ክብል ከሎ ኽኣ ኣቐድም ኣቢሉ እቲ ካብ ኣዳም ዝተቐብልናዮ መንፈስ ከቐብላ ዝጸንሐ ክፉእ ሓሳብን ተንኮልን ክፍኣትን ትርሕቐሉን ትሕደስን ማለት'ዩ

እምብኣርሲ ንዅሉ ኽፍኣትን ዅሉ ጕርሕን ግብዝናን ቅንእን ዅሉ ሕሜትን ኣርሕቕዎ።

እግዚኣብሄር ሕያዋይ ምዃኑ ጥዒምኩም እንተ ዄንኩምሲ፡ ብእኡ

# ጸሎት

## ኣቦ የመስግነካ ብስም የሱስ ክርስቶስ ኣኣብ ጽባሕ ነፍሰይ ክሕድሰሉ ዝኽእል ቃልካ ከቐልብ ርድኣኒ ስለ ዝገበርካዮ ተመስገን ኣሜን::


ንምድሓን ምእንቲ ኽትዓብዩ፡ ከምቶም ሕጂ እተወልዱ ሕጻናት ነቲ ሕዋስ ዜብሉ መንፈሳዊ ጸባ ብሃግዎ። 1ይ ጴጥ ~2:1-3

# ስለምንታይ እዩ ሰይጣን ክከስስ ዘይክእል

**"ኣብ ሰማይ ከኣ ውግእ ኰነ፡ ሚኪኤልን መላእኽቱን ምስቲ ገበል ተዋግኡ። እቲ ገበልን መላእኽቱን ድማ ተዋግእዎም። ኣይሰዐርዎምን ከኣ፡ ድሕሪ ኢ ስፍራኦም ኣብ ሰማይ ኣይተረኽበን። እቲ ንብዘላ ዓለም ዜስሕታ ዘሎ ድያብሎስን ሰይጣንን ዚብሃል ዓብዩ ገበል፡ እቲ ናይ ጥንቲ ተመን ተደርበየ፡ ናብ ምድሪ ተደርበየ፡ መላእኽቱውን ምስኡ ተደርበዩ። ኣብ ሰማይ ከኣ ዓው ብዘበለ ድምጺ፡ እቲ ለይትን መዓልትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽናን ዚኸሶም ዝነበረ ኸሳሲ ኣሕዋትና ተደርብዩ እዩ እሞ፡ ሕጂ ምድሓንን ስልጣንን መንግስትን ናይ ኣምላኽና ኹይኑ፡ ምልኪ ኸኣ ናይቲ ቕቡእ እዩ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ።"ራኢ** 12:7-10)

ኣብ ላዕሊ ከም ዝርኣናዮ ከሳሲ የሕዋትና ተደርብዩ ምባሉ ዋልሓንቲ ካልእ ምክንያት የብሉን እንታይ ድኣ ተደርብዩ ንዝብል ተደርብዩ ምባል እዩ።ኣብ ቤት ፍርዲ ከም እንፈልጦ ሓሙሽተ ዓይነት ሰባት ይርከቡ። ንኣብነት ፈራዲ፣ ከሳሲ፣ ተከሳሲ፣ መስካሪን ጠበቃን ዘይብሉ ቤት ፍርዲ ኣይንረክብን ኢና። ሓደ ሓደ ግዜ እንተደኣ ኣስተውዒልናሉ ከሳሲ በይኑ ቀሪቡ ተከሳሲ ተዘየለ ወይድማ ተከሳሲ መጺኡ ከሳሲ ተዘየለ ቀጸራ ክቕየር ከሎ ነስተውዕል ኢና። ሰይጣን ንዓይን ንዓካትኩምን ክከሰና ከሎ ምክንያት ነይርዎ ኣፍቲ መጽሓፍ ከምዝብሎ ሙሴ ሕጊ ምትሕልላፍና ወይከኣ ንኣምላክ በዲልክሞ ኢሉ ዘቕርቦ ከይዝ ነቲ ኣምላክ ዘውጽኦ ቃልን ወይድማ ናይ ቅድስና ሓሳብ ዘለዎ መጽሓፍ ሙሴ ብምጥቃም ነበረ።

**ንብዘሎ ኣበሳና ይቕረ ኢሉ፡ ብኣበሳኹምን ብዘይ ግዝረት ስጋኹምን መዊትኩም ንዝነበርኩም፡ ንኣኻትኩምውን ምስኡ ህያዋን ገበረኩም። ነቲ ብሕጋጋት ዚቃወመናን ዚበኣሰናን ዝነበረ ብኢድ እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ኸኣ፡ ንእኡ ኣብ መስቀል ሸንኪሩ ኻብ ማእከል ኣርሐቖ።(ቆለ** 2፡13-14) እምበኣር ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ካብ ሰማየ ሰማያት ናብዚ ምድሪዚ ብምምጻእ ነቲ ንዓይን ንዓካትኩምን ዘሸግረና ዝነበረ ንምግባሩ ዘጸግመና ሕጊ ሙሴ ብምፍጻም ናተይን ናትኩምን ድማ ንዕኡ ብዘይምግባርና ክወርድ







ዝግብኦ መቕጻዕቲ ኣብ ርእሱ ብምጽዓን ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ ንሲኦል ወሪዱ ድማ ምስ ተንስኤ ጀሚሩ ሰይጣን ከይዝ ወይድማ ሰይጣን ንዓይን ንዓካትኩምን ዝከሰና ዶኩመንት (ስነ ሓሳብ) ሲኢኑ ኢና ንብል። ስለዚ ሰይጣን ክከስስ እንተድኣ ኮይኑ መርትዖ ዘለዎ ነጥቢ ከምጽእ ስለዝነበሮ እሞ ኣብ ሞንጎይን ኣብ ሞንጎ እግዚኣብሄርን ኣብ ሞንጎናን ኣብ ሞንጎ እግዚኣብሄርን ንዓይን ንዓካትኩምን ፈላልዩና ዝነበረ ዘይምእዛዝና ክሉ መቕጻዕቲ ኣብ ክርስቶስ ስለ ዝተጻዕነ ሰይጣን ደጊሙ ክከስስ ኣይክእልን እዩ። ሕጽር ብዝበለ ከሳሲ ክከስስ ዝክእል ክሲ ምስ ዝህልዎ እዩ እሞ ሰይጣን ክከስስ እኳ ኣንተደለየ ክሲ ግን የለን ምክንያቱ እቲ ሕጋጋት ሙሴ ብምልኡ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ርእሱ ጽዒንዎ ስለ ዝኮነ።

# ኣዋጅ

## ብሽም የሱስ ናጻ ወጼ እየ ክክሰሰ ኣይክእልን እየ። ሓንሳእ ንሓዋሩን ኣምላክ ኣጽዲቑኒ እዩ። ኣሜን።


# ኣምላኽ ዝማርኽ ህይወት

**“ንእግዚኣብሄር ኵሉ ጊዜ እባርኾ፣ ውዳሴኡ ንሓዋሩ ኣብ ኣፈይ እዩ። ነፍሰይ ብእግዚኣብሄር ክትሕበን እያ፣ ትሑታት እዚ ሰሚዖም ኪሕጐሱ እዮም።” መዝ** -43፥19-24

ዘማራይ ዳዊት ኩሉ ግዜ ንኣምላኽ የመስግኖ ይብል ኣሎ:: ቅድሚ ንኣምላኽ ምምስጋኑ ዳዊት ታሪኹ ተነንቢብ ግና ኣብ ሂወትና ብዙሕ ምስ ተማሃርና ይብል:: ዘማራይ ዳዊት እምብኣር ካብ ኢድ ሳኦል ንምምላጥ ዘይፈተኖ መንገዲ ኣይነበረን ብኻልእ መንገዲ ድማ ፍሰጤማውያን ተደጋጋሚ ኩይናት ይኸፍትሉ ከም ዝነብሩ ነንብብ ዝያዳ ኹሉ ኸኣ ሰበይቱካ ሚካል ጋል ሳኦል እኳ እንተኾነት ሓዲጋቶ ክም ዝኸደት ንርኢ ኣብ መጨረሽታ ወዱ ወዱ ተላዕሎሞ መንግስቱ ክንፍቅላ ከም ተበገሰ ድማ ኣብቲ መጽሓፍ ንረኽቦ:: ሕጽር ብዝበለ ዳዊት ንርእሱ ክሰምያ ኸሎ ወይ ብኻልኦት ሰባት ክስመ ኸሎ ናይ ደም ሰብ ወይ ናይ ኲይናት ተባሂሉ ይጽዋዕ:: እሞ ምዚ ኹሉ ኲይናትን ውግእን ምዚ ኹሉ ሰልፍታቱን ንኣምላኽ ብዘይ ምቁራጽ ምምስጋንን እንታይ ዓይነት ህይወት እዩ:: ነዚ ሃዋርያ ጳውሎስ ደስ ዘብል ጨና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይብሎ

**“እምብኣርስ ብእኡ ንኣምላኽ ኵሉ ሳዕ መስዋእቲ ምስጋና፣ ማለት ንስሙ ዚእመና ፍረ ኸናፍር፣ ነቕርብ።”** እብ -13:15






ቅዱሳን ሃዋርያ ጳውሎስ ጥዑም ጨና ኣምላኽ ዝማርኽ ኣምላኽ ደስ ዝብላ ወይ ድማ ከም ልክዕ ከም ናይ ኖህ መስወኣቲ ድሕሪ ማይ ኣይሂ ኣሜን ኢሉ ዝተቐበሎ እግዚአብሄር ከምኡ ልክዕ ናተይን ናትኩምን ምስጋና ዝቕበሎ ቀጻሊ ምስ ዝኸውን እዩ ።

“እዚ ምእንታኹም ብክርስቶስ የሱስ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ እሞ፣ ብኹሉ ኣመስግኑ።”1ይ ተሰሎ 5:18

# ምስጋና


ዎ ኣምላኽ የመስግነካ ኣለኹ ኣጋጢምኒ ዘሎ ነገር ስለ ዘጋጠመኒ ስለ ዘይኮን ኣብ ሊዕሊኡ ጎይታ ስለ ዝኸንኩ ተመስገን ሰይጣን ሰባትን ድኻመይ ዘምጸ ነገር ናብ ሰናይ ትልውጦ ኢኻ'ሞ ክብሪ ንዓኻ ይኹን ኣሜን ::

# መሰረታዊ ፍልልይ ምርዳእ

**“መሰረታዊ ፍልልይ ምርዳእ ድሕሪ እተን መዓልትታት እቲኣተን ምሳታቶም ዝኣተዎ ኺዳን እዚ እዩ፣ ይብል እግዝኣብሄር፣ ንሕጋጋተይ ኣብ ልቦም ክህቦም፣ ኣብ ሓሳቦምውን ክጽሕፎ እየ፣ ምስ በለ፣ ደጊም ሓጢኣቶምን ዓመጻኦምን ኩቶ ኣይክዘክርን እዩ፣ ይብል። “** እብ -10፣ 16-17

ኣብዚ ብጣዕሚ ምስትዉዓል ዘለዎ ነገር ክንግንዘብ ኢና። ብዙሕ እዋን ሰባት ካብቲ ሓደ ኣብ ሂወት ዘመነይ ዝራእኾዎም ዝደናገሮም ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ፍልጠት ዘይምህላዎም ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ዝንበብዎ ቃል ኣብ ብሉይ ድዩ ሓድሽ ኪዳን ተጻሒፉ ምፍላይ ሰለ ዝስእኑ እዩ። ናይ መብዛሕቶም ጸገም በቲ ሓደ ወገን ድማ ብሉይን ሓድሽን ኩሉ ናይ እግዚኣብሄር ቃል እዩ ኣብዚ ዘመን እዚ ይምልከተና እዩ ዝብል ፍጹም ኣብ ሂወቶም ጠንቂ ዘለዎ ምርዳእ ክሕዙ ከለዉ ሰለ ዝርአይ እዩ። ኣስተውዕሉ ናይ እብራውያን ጸሓፋይ እንታይ ይብለና ኣሎ፣ ብሉይ ብምባሉ ‘ሲ ነቲ ብሉይ ኪዳን ኣእረገ ይብል ኣሎ። እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኮይኑ ብዛዕባ ሓደ ዘመን ከም ዝመጽእ ሸሙ ከኣ ሓድሽ ዘመን ከም ዝብሃል ወይ ድማ ብደሙ ዝኣትዎ ሓድሽ ኪድን ከም ዘሎ ይዛረብ። ኣብዚኤን ኣስተውዕሉለን! ኣብ ብሉይ ኪዳን ነፍሲ ወከፍ ሓጥያት ይትሓዝ፣ ብፍላይ ከኣ ዝፈሰሰ ደም ዝራብዕን ዲበላን እንተዘየለ ከኣ እናተዘከረ ከምዝነብር ኣብቲ ጽሑፍ ንረኽቦ፣ በቲ ሓደ ወገን ግና ኣብቲ ዳሕራይ ዘመን ዝኸውን ግና ኢሉ እግዚኣብሄር ብነቢ ኤርምያስ ክዛረብ ከሎ ናይ ሓድሽ ኪዳን ዘመን ግን ሓንሳእ ምስ ኣፍሰሰ ንሱ ድማ ንጹህ ሰለ ዝኾነ ናይ የሱስ ደም ሓንሳእን ንሓዋሩን ሓጥያቶም ክርስያ እየ ጥራይ ዘይኮነስ ደጊመ ከማን ኣይክዝክሮን እየ እዩ ዝብል። ስለዚ እዞም ኣቐዲምና ዝራእናዮም ዓይነት ሰባት ግን ኣብ ጸጽባሕ ሓጥያትና ክንናዘዘ ኣለና ካብ ዝብል ሕሱር ወይ ድማ ኣዝዩ መስመሩ ዝለቐቐ ምርዳእ ፣ወላ እኳ ሓጥያት ዘይገበሩዎ ክነሶም እተሰወረ ኣለኒ ብዝብል ንህዝቢ ኣምላኽ ከይተረፈ እተሰወረ ሓጥያት ኣለካ እናበሉ ከሰሓሕትዎ እዮም ዝርኣዩ። ኣስተውዕል ናይ እግዚኣብሄር ህዝቢ ሓጥያት ክትገብር




ከለኻ ጥራይ ዘይኮነስ ብትኽክል ዳግም እንትደኣ ተወሊድካ ግና ገና ከይገበርካዮ ከይተረፈ ሕልናኻ ከም ዝፈልጦ ኢና ነንብብ። **“ምንም እኳ ልብና እንተ ነቐፈና፡ ኣምላኽ ካብ ልብና ዚዕብን ኵሉ ዚፈልጥን ስለ ዝኾነ፡ ንልብና ኣብ ቅድሚኡ ኽህድኣዮ እሞ፡ ካብ ሓቂ ምዃንና በዚ ኢና እንፈልጥ።** “ 1

**ዮሃ** -3፡ 20

ስለዚ ዝኸበርካ ኣንባባይ ደስ ይበልካ! ናይ ዝሓለፈ ሓጥያት ናይ ዘሎን ዝመጽእን ኩሉ ይቕረ ተባሂልካ ኢዩ ምናልባት ውን ሓጥያት እንተገበርካ ብሕጂ ካብ ሰማይ እትወስዶ ምሕረት ኣሎ ማለት ዘይኮነስ፡ ቅድሚ 2000 ዓመት እተፈጸመ ምሕረት ብእምነት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪብካ ክትቅበሎ ትኽእል ኢኻ።

# ኣዋጅ

**- ብሽም የሱስ ክርስቶስ ዘለኽዎ ዘመን፡ ብሉይ ኪዳን ኣይኮነን**

**- ብሽም የሱስ ክርስቶስ ሓንሳእን ንሓዋሩን ሓጥያተይ ይቕረ ተባሂሉ እዩ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪበ ምሕረት ክረክብ ይኽእል እየ እዚ ከኣ ዝተወድአ እምበር ብሕጂ ዝመጽእ ምሕረት ኣይኮነን። ኣሜን!**

“ **ኣቱም ደቀየ፡ ሓጢኣት ምእንቲ ኸይትገብሩ፡ እዚ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ። ሓደ እኳ ሓጢኣት ዝገበረ እንተሎ፡ ጠበቓ ኣብ ኣቦ ኣሎና፡ ንሱ የሱስ ክርስቶስ፡ እቲ ጻድቕ፡ እዩ። ንሱ ድማ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ እዩ፡ ብናይ ሓጢኣት ኵላ ዓለም ድማ እዩ እምበር፡ ብናይ ሓጢኣትና ጥራይ ኣይኰነን።** “

1 **ዮሃ** 2፡ 1-2

# የሱስ እዩ ኣቲ ዝበለጸ

" ድሕሪ ሹዱሽተ መዓልቲ ድማ የሱስ ንጴጥሮስን ንያእቆብን ንዮሃንስ ሓዉን ወሲዱ ንበይኖም ናብ ነዊሕ ከረን ኣደየቦም። ኣብ ቅድሚኦም ድማ ትርኢቱ ተለወጠ። ገጹ ኸም ጸሓይ ኣብርሄ፡ ክዳኑውን ከም ብርሃን ጸዕደወ። እንሆ ኸኣ፡ ሙሴን ኤልያስን ምስኡ እናተዛራረቡ ተራእይዎም። ጴጥሮስ መሊሱ ንየሱስ በሎ፣ ጐይታይ፡ ንኣና ኣብዚ ምንባር ጽቡቕ እዩ። ትፈቱ እንተ ኼንካስ፡ ኣብዚ ሰለስተ ዳስ ክንሰርሕ፡ ሓደ ንኣኻ፡ ሓደ ንሙሴ ሓደውን ንኤልያስ። ገና ኺዛረብ ከሎ፡ እንሆ፡ ብሩህ ደበና ኣጐልበቦም። እንሆ ኸኣ፡ ካብቲ ደበና፡ ዝፈትዎ ወደይ፡ ብእኡ ዝሰመርኩ እዚ እዩ፣ ንእኡ ስምዕዎ፡ ዚብል ድምጺ መጸ። ደቀ መዛሙርቱ እዚ ሰሚዖም ብግንባሮም ተደፍኡ፡ ብዙሕ ድማ ፈርሁ። የሱስ ቀሪቡ ኢሉ ተንከዮም፡ ተንስኡ ኣይትፍርሁውን፡ በሎም። ንላዕሊ ገጾም ቍሊሖ እንተ በሉ፡ ብዘይ የሱስ በይኑ ሓደ እኳ ኣይረኣዩን።" ማቴ 17፣ 1-8

- - -ንውሕ ዝበለት ሓሳብ ዝርኣናያ ሓደ ነገር ንምፍላጥ እዩ። ኣብዚ ስፍራ እዚ ከምቲ ኣቐደም ኣቢልና ዝበልናዮ ናይ ሃዋርያ ጴጥሮስ ጌጋ ብፍላይ ከኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ደስ ዘይበሎ ነገር ክልተ ሓሳብ ክንርኢ ኢና።


- እቲ ቀዳማይ ሃዋርያ ጴጥሮስ ክቐመጥ ከሎ ምስ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ሓንቲ ግዜ እኳ ከምዚ ዓይነት ታሕጓስ ኣይተራእዮን፣ የግዳ ሙሴን ኤልያስን እቶም ተገልገልቲ ወይ ድማ ባሮት ኣምላኽ ኣብ ግዚኡ ኣገልጊሎም ዝከዱ እሞ እኳ ደኣ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣገልገልቲ ምስ ርኣየ ግና ሓጎሱ ወሰን ኣይነበሮን፣ ኣብዚ ምንባር ይሕሸና ክብል ከሎ ኢና ንርኢ።

- እቲ ካልኣይ ንኣምላኽ ባህ ዘየበሎ ነገር ድማ ንወዱ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ሙሴን ኤልያስን ማዕረ ምስርዑ እዩ ዝነበረ። ኣስተውዕሉ ኣቐደም ኣቢልና ኣብ ካልእ ስፍራ ዘይገለጽናዮ ኣብዚ ንርእዮ ሓቂ እንተሎ ፣ባርያ እግዚኣብሄር ሙሴ ክብሪ እግዚኣብሄር ብእኡ ኣቢሉ ተራእዩ እዩ ወይድማ ገጹ ሰለዝጻዕደወ ክሪእዎ ኣይከኣሉን የብለና ። ነገር ግን ጎይታናን










- መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ክብሪ ኣምላኽ እተራእየ ጥራይ ዘይኮነስ ባዕሉ ክብሪ ኣምላኽ እዩ።

"ንሱ ናይ ክብሩ ነጸብራቕን ቅርጺ ባህርዩን ከሎ፡ ኵሉውን ብሓይሊ ቓሉ ጸዊሩ ኸሎስ፡ ምንጻህ ሓጢኣትና ምስ ገበረ፡ ኣብ ላዕሊ ኣብ የማን ግርማ ተቐመጠ። " እብ ~1 ፤ 3

ደስ ዝብል ብስራት ኣለኒ! ንሱ ከኣ እዚ ክብሪ ኣምላኽ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበሎ ክብሪ ንዓይን ንዓኹምን ኣካፊልዎ ምኻዱ እዩ።

" ዎ ኣቦይ፡ ሕጂ ድማ በቲ ዓለም ከይተፈጥረት ኣባኻ ዝነበረኒ ኽብሪ ኣባኻ ኣኽብረኒ። " ዮሃ 17 ፤5

# ኣዋጅ

## ብሽም የሱስ ክርስቶስ ኣብ የሱስ ዝነበረ ክብሪ ኣባይ ኣሎ

## ብሽም የሱስ ክርስቶስ እተዋረድኩ ሰብ ኣይኮንኩን፣ ብክብሪ ዝተሸፈንኩ እምበር። ኣሜን!/

# ንጹህ ሰብ መን እዩ ?

## “ጹሩያት ልቢ፣ ንኣምላኽ ኪርእይዎ እዮም እሞ፣ ብጹኣን እዮም።“ ማቴ 5:8.

ናይ ከረን ስብከት ተባሂለን ዝጽውዓ ካብ ማቴዎስ ምዕራፍ 5 ክሳብ ምዕራፍ 7 ሰለስተ ተኸታታሊ ምዕራፍ ከምዘለዋ ስሚዕና ንኸውን: ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ካብቶም ብጹኣን እዮም ዝተዛረብዎም ሓደ ጽሩያት ልቢ ንኣምላኽ ክርእይዎ እዮም ኢሉ ኣቐሚጡ ኣሎ። ካብዚ ተበጊሱ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ሓሳብ ኣሎ ገለ ገሊኣቶም ኣብ ገለ ቤተ እምነት ልብኻ ኣዝዩ ክጸሪ ክትቀርብ ውን ኣለካ ዝብል ምርዳእ ኣለዎም እዚ ንዕኦም ዝምልከት ኮይኑ እቶም ካልኦት ድማ ኣብ ካልእ ስፍራ ክትከይድ ኣለካ ስፍራ ጽምዋ : ምስ ሰበይቲ ክትቀርብ የብልካን ወይ ድማ ሰበይቲ ውን ምስ ሰብኣይ ክትቀርብ የብላን ይብሉ። ኣብ ቤተ እምነት ፕንተ ኮስታል እንተ መጺና ድማ ኣሕዋተይ ኣሓተይ ልብና ነንጽህ ተባሂሉ ኣኣብ ጽባሕ መጠን ዝገበርናዮ ልብና ከም ዝጸሪ ዘመልክት ኣብ ግብሪ ዝኣመተ ስራሕ ኣሎ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ግን የሱስ ክርስቶስ ስለይ ከም ዝተሰቕለን ከምዝሞተን ከምዝተንስአን ኢልካ እንተ ኣሚንካ በቲ ዝፈሰሰ ደም ተሓጺበ እየ ዝብል እምነት እንተ ኣለካ ክትነጽህ ኢኻ ጥራይ ዘይኮሰ ሸው ንሸው ጽሩይ ኮይንካ ኢኻ ይብለና ኣሎ።

**“እቲ ልቢ ዚፈልጥ ኣምላኽ ከኣ ከምቲ ንኣና ዝሃበና ንኣታቶምውን መንፈስ ቅዱስ ብምሃቡ መስከረሎም።”** ግሃ ~15:8

እምበኣር ዝኸበርካ ኣንባባይ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ጽሬት ልቢ ምስ እምነት ዝተተሓሓዘ እምበር ምስ ተግባር ዝተተሓሓዘ ኣይኮነን ወይ ድማ ብመጠን ጽቡቕ ዝገበርካዮ ትጸሪ ብመጠን ዝተጋገኻዮ ትበላስሆ ዝብል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይትረክብን ኢኻ ልብኻ ግን ምስ ኣመነ ደም የሱስ ከም ዝፈሰሶ ሸው ይጸሪ።










**“ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ፡ ንስኻትኩም ንህያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ኽንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽሆ። “** እብ 9:14

ናይ እብራውያን ጽሓፋይ ድማ ደም ድቤላን ዘራብዕን ደም እንስሳን ኣብ ስጋ ዘለገበ ሓጢኣት ናይ ደቂ ሰባት ካብ ኣጽረየ ናብ ውሽጢ ሓጢኣት ከጽሪ ዝኽእል ምሉእ ብምሉእ ደም የሱስ እዩ ይብል። ስለዚ ኣስተውዕል መልኣኽ እግዚኣብሔር ክምልሰሉ ከሎ ሓደ ካብቶም ሸማግለ ንዮሃንስ እዚኣቶም መን እዮም ምስ በሎ ክዳውንቶም ብደም እቲ ገንሸል ዘጻዕደዉ ወይ ዘጽረዩ እዮም ኢልዎ ስለዚ ብደም ዝኣክል እሞ ከኣ ደም የሱስ ተሓጺብካ ኣየጽርዮን እዩ ክትብል ኣይትኽእልን ኢኻ ሓንሳብን ንሓዋሩን ጸሪኻ ኢኻ።

# ምስጋና

**እግዚኣብሄር ኣምላኽ**
**የመስግነካ ኣለኹ**
**ብደም ወድኻ ስለ ዝሓጸብካኒ**
**ፍጹም ነጺህን ጸርየን እየ**
**ክብሪ ነዓኻ ይኹን**
**ከሳሲ ኣባይ ኣይሰርሕን እዩ**
**ብስም የሱስ**
**ኣሜን።**

# ብሩኽ ገንሸል


”ንኹሉ ኣኼባ እስራኤል ከምዚ ኢልኩም ተዛረቡ፡ ኣብዚ ወርሒ እዚኣ ብዓሰረይቲ መዓልቲ ነፍሲ ወከፍ ንቤት ኣቦ ሓደ ገንሸል፡ ነንቤት ሓደ ገንሸል ይውሰድ። እቶም ስድራ ቤት ንሓደ ገንሸል ዚውሕዱ እንተ ኾኑ፡ ንሱን እቲ ንቤቱ ዝቐረበ ጐረቤቱን ብቑጽሪ ነፍሳት ሓደ ይውሰድ። ነፍሲ ወከፍ ከም ዚበልዕ መጠን ኣብቲ ገንሸል ቍጸሩ። ዓመት ዝገበረ፡ ጐደሎ ዜብሉ ተባዕታይ ገንሸል ይኹነልኩም። ካብ ኣባጊዕ ወይ ካብ ኣጣል ትወስዱ። ኣብዚ ወርሒ እዚኣ ኽሳዕ ክሳዕ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ሓልውዎ። ሽዑ ኹሉ እቲ እኩብ ማሕበር እስራኤል ኪመሲ ኸሎ ይሕረዶ። “ ዘጸ 12 ፡ 3-6

“ካብኡ ገለ ኽሳዕ ጽባሕ ኣይሕደጉ፡ ዓጽሙ ኸኣ ኣይስበሩ። ከም ኩሉ ሕጊ ፋሲጋ ይግበርዎ። “ ዘሁ 9፡ 12

የሱስ ክርስቶስ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዝተፈላለዩ ሰባት ወይ እንስሳ ወይ ደማ ካልእ መልክዕ ናይ ቤት መቕደስ ሒዙ ተገሊጹ ኣሎ። ኣብዘን ኣቕዲምና ዝርኣናየን ንደቂ እስራኤል ንኣስታት 430 ዓመት ኣብ ባረነት ዘእተወ ናይ ፈርኦን መንፈስ ኣብ ሂወቶምን ጥዕንኦምን ገንዘቦምን ዝበዝበዘ ክፋእ ፣ ካብኡ ከላቕቕም እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንደቂ እስራኤል ኣብ ልዳውቶም ኣብ ላዕላይ ክፋልን ኣብ ጎኑን (ማለት ኣብ ገዛውቶም) ደም ክለኽዩ ከም ዝገበረ እሞ፣ በዚ ዝፈሰሰ ደም ነጻ ከም ዝወጹ ነንብብ ኢና። ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣነን ንስኻትኩምን ዓትዒቱ ካብ ዝነበረ ሒዝና ካብ ዝነበረ መንፈሳዊ ፈርኦን ማለት ሰይጣን፣ ነጻ ክንወጽእ ዝፈሰሰ ደም ናይዚ ብሩኽ ገንሸል ደም ክርስቶስ የሱስ ነይሩ።

“ንጽብሒቱ የሃንስ ንየሱስ፡ ናብኡ ኺመጽእ ከሎ ረኣየ እሞ፡ እንሆ፡ ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ፡ በለ።” የሃ _1 ፣ 29

ከምኡ ከኣ ኣሕዋተየ ይስሓቕ ነቦኡ ኣብርሃም ተኣዚዙ ኣብ መሰዋእቲ ክኣቱ እኮ ዝግብእ እንተነበረ፣ ኣብ የማኑ ከባቢ በጊዕ ተረኺቡ፣ ንሱ ድማ ኣብ ጽሕዲ ዝተጠንጠለ ነበረ ፣ ንሱ ከኣ ኣብ ክንዲ ይስሃቕ ክሰዋእ ሰለዝነበሮ ግደፍ ገለ እከይ ኣብ ልዕሊ ይስሓቕ ኣይትግበር፣ ነዚ በጊዕ ሰውኣዮ፣




ዝብል ድምጺ መጸ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ድማ ኣነን ንስኻትኩምን ናይ እግዚኣብሄር ህዝቢ ነጻ ክንወጽእ ከም በርባን ተሰቒልና ንሓዋሩ ንሲኦል ክንፈረድ ዝግብኣና እኳ እንተነበረ ፣ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ርእሱ በጃ ብምሃብ ፣ንዓይን ንዓኹምን ሓራ ኣውጽእና።“ደጊም ከም ፍቁራት ውሉድ ሰዓብቲ ኣምላኽ ኩኑ። ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረኩም፡ ነፍሱውን መባእን መስዋእትን ገይሩ ንኣምላኽ ንምዑዝ ጨና በጃና ዘሕለፈ፡ ከምኡ ብፍቕሪ ተመላለሱ። “ ኤፌ 5 ፣ 1-2

ስለዚ ዝኸበርካ ኣንባባይ ናተይን ናትካን ገንሸል ወይ ድማ ስሌና ዝፍሰሰ ገንሸል ደም ፣ ናይ ሓድሽ ኪዳን ፋሲካና ክርስቶስ የሱስ እዩ። “ገንሸል ፋሲጋና፡ ማለት ክርስቶስ፡ ተሰዊኡ እዩ እሞ፡ ከምቲ ዘይምጹጻት ዘኾንኩም፡ ሓድሽ ብሑቕ ምእንቲ ኽትኰኑ፡ ነቲ ኣረጊት ማይ ብ ሑ ቕ ኣ ጽ ሪ ኹ ም ኣውጽእዎ።። “ 1 ቆሮ 5 ፣7

# ምስጋና

⇒ ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኸ የመስግነካ ኣለኹ ፣ ንዓይ ክትብል ንወድኻ የሱስ ክርስቶስ ከም በጊዕ ናባይ ሊእኽካ ፣ ገንሸል ኮይኑ ኣብ ስለይ ስለዝተሓርደ፣ ነጻ ወጽየ ኣብ ክንዳይ ስለዝሓለፈ፣

ኣሜን።።

# መዘኻኸሪ

# ብርሃን

ብኬብሮን ዓለም ለካዊ ሃወርያውን ኣገልግሎት ትዳሎ ዝተፈላለየ ዓሙቅ ፍልጠት ዝሓዘት ወርሓዊ እትዳሎ ንእሸቶ መጽሓፍ ።

መጽሓፍ ብርሃ መሃሪ ኣርእስታት ዝሓዘት ንመዓልታዊ ህይወት ዝኾውን እቲ ብክርስቶስ ዝተወደአ ናይ ሓድሽ ኪዳን ሰብ እንታይ ከምዝመስል ? ከመይ ጌርካ ኢኻ'ኸ ትለብሶ? ትኽክለኛ ትርጉም ክርስትና ኣብዚ ግኡዝ ዓለምን ኣብ መፈሳዊ ዓለምን? ንሓደ ክርስትያን ክውጽእን ክጥሕስን ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ ፍልጠታት ዝሓዘት ንእሸተይ ግን ከኣ ዓበይትን ኩቡራትን ትሕዝቶ ዝሓዘት መጽሓፍ። ከምኡ ውን ቃል ምውጻእን ምዝራብን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርእስቲ ምእዋጅን ምጽላይን ዝሓዘት መጽሓፍ እያ። ነዛ መጽሓፍ ብምንባብ ለውጥን ውጽኢትን ኣብ መንፈሳዊ ሂወት ከኣ ዕብየት ከተምጽኡ ናይ ግድን እዩ።

ብሃዋርያ ሕነሽም ዝተጻሕፈ መጽሓፍትን ብመልክዕ CD ዝተቀድሐ ስብከትን ትምህርትን ንምርካብ ከምኡ ውን ብኣካል ንምምጻ ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ (bible school) ክትማሃሩን መደባት ቃል ኣምላክ ክትካፈሉን ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣገልግሎት ክትሓሩና ኮነ ብርሕቀት ትምህቲ መጽሓፍ ቅዱስ (bible study) ክትማሃሩ ምስ ትደልዩ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱና።



ንዝያዳ ሓበሬታ
0046739231775
0046704903959
Email – kebronministrytv@gmail.com

KEBRON INTERNATIONAL APOSTOLIC MINISTRY

**Kebron International Apostolic Ministry.**

**ኬብሮን ዓለምለኻዊ ሐዋሪያዊ ኣገልግሎት።**